
1

2

3

4

5

6

7

8

9

10

11

12

13

14

15

16

17

18

# ስርሒት ቅያ 18 ደቓይቕ

## ን36 ዓመታት ተሓቢኡ ዝጸንሐ ምስጢር ኮማንዶ

ኢንቨስቲገይተር ሃይለ መንገሻ ዑቕበ
ቶሮንቶ፡ ካናዳ
ማርች 8፡ 2020

ከም ኢንቨስቲገይተር መጠን፡ ስርሒታት ኮማንዶ ሓውሲ ባዶሽ ምዃኖም ንፈለማ ግዜ ርጡብ ግንዛቤ ዝሃበኒ የማነ ተኽለገርግሽ ነበረ። የማነ፡ ኣባል ሕቡእ ሰልፍን (Eritrean People's Revolutionary Party) ላዕለዋይ ወኪል ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ ሞቓድሾን ዝነበረ ላዕለዋይ ቀጸላ ተጋዳላይ ናይ ህዝባዊ ግንባር ነበረ።

የማነ፡ ምስ ድምጺ ወጋሕታ ናይ ኢትዮጵያ (ሕጂ ነበር ዝኾነት) ካብ ዝገበሮም ሰንሰለታውያን ኢንተርቭዋት ኣብ ሓደ ምዕራፍ ከምዚ በለ፡ "ሓደ ግዜ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ክፍሊ ሃንደሳን ስለያን ናይ ህዝባዊ ግንባር፡ ካብ ሳሕል ናብ ሞቓዲሾ መጺኦም፡ ምሳና ቀንዮም ነበሩ።"

"ዕላምኦም ነተን ኣብ ዲረዳዋ ኣየርፖርት፡ ሃረር ዝነበራ ነፈርቲ ውግእ ናይ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ (ደርግ) ንምጥቃዕ ነበረ። ነቲ ዝተወጠነ መጥቃዕቲ፡ ካብ መንግስቲ ሶማል ፍቓድ ተሓቲትሉ፡ መንግስቲ ሶማል'ውን እቲ መጥቃዕቲ ክግበር ምስ ህዝባዊ ግንባር ተሰማሚዕሉ ነበረ።"

ቀጺሉ የማነ ከምዚ በለ፡ "እቲ ኣብ ዲረዳዋ ኣየርፖርት ክግበር ዝተወጠነ መጥቃዕቲ፡ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ክይተተግበረ ተረፈ። እቶም ኣባላት ክፍሊ ሃንደሳን ስለያን ናይ ህዝባዊ ግንባር ድማኒ ንሳሕል ተመልሱ።"

እቶም የማነ ምስ ድምጺ ወጋሕታ ዝገበሮም ኢንተርቪዋት፡ ንዓይ ብርግጽ ቀይሕ ባንዴራ ናይ ኢንተሊጀንስ ኣንፈልፈሉለይ። ናይ ሓሶት ደብተራ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ኣየርፖርት ኣስመራ ጌረዮም ዝብሎም ክልተሻዕ ናይ ኮማንዶ ስርሒታት፡ ኳንኳ ምኽኣኖም ቆብ ኣበልክዎም።

እቶም ተፈጺሞም ዝተባህሉ ናይ ኮማንዶ ስርሒታት እዚኦም ነበሩ።

1ይ፡ ኣብ መይ 20፡ 1984 . . . 33 ነፈርቲ

2ይ፡ ኣብ ጃንዋሪ 14፡ 1986 . . . 44 ነፈርቲ

<u>ኣፈታትሓ ግድል-1</u>

<u>ጉዳይ ስሩዓት ኢትዮጵያውያንን ታይም ቦምብታትን</u>

እቶም ንዲረዳዋ ኣየርፖርት ከጥቅዑ፡ ናብ ሞቓዲሾ ተላኢኾም ዝነበሩ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር፡ ናይ ክፍሊ ሃንደሳን ስለያን ድኣምበሪ ኮማንዶታት ኣይነበሩን። እቲ ንዲረዳዋ ኣየርፖርት ተወጢኑ ዝነበረ፡ ብባህሪኡ

ሳቦታጅ ናይ ታይም ቦምብታት ድኣምበሪ ቅያ ናይ ኮማንዶ ከምዘይተወጠነ፡ ንየማነ ኣብዚ ኢንቨስቲገሽን ከም ናይ ዓይኒ ምስክር ጌርና ክንወስዶ ንኽእል። ብዓንተብኡ ቅያ ናይ ኮማንዶ ተዝውጠን'ሲ፡ ሃንደሳ ዘይኮኑ'ስ ኮማንዶ'ዩም ንሞቓዲሾ ክመጹ ዝነበሮም።

ድሮ፡ ሳቦታጅ ናይ ታይም ቦምብታት ምንባሩ ፈቲሕናዮ ዘሎና ግድል ዲረዳዋ ንባዕሉ ኣብ ግብሪ ከይወዓለ፡ ሃንደሳን ስለያን ጥራሕ ኢዶም ንሳሕሎም ከምዝተመልሱ፡ ቀሪምናዮ ዘሎና ኢንተል የረጋግጽ። ኣብ ውሽጢ ስርሒታት ኣየርፖርትታት ዲረዳዋ ኮነ ኣስመራ ኮማንዶ ከምዘይነበሩ ግድል-1 ፈቲሑዎ'ሎ። ኣብ "ስርሒታት ኮማንዶ" ዝነበሩ 3ተ ባእታታት፡

1ይ፡ <u>ስሩዓት ኢትዮጵያውያን</u> ኣባላት ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ነበሩ። እዞም ብኢሳያስ ዝተሰርዑ ኢትዮጵያውያን፡ ኣብቶም ኣየርፖርትታት ዝላዓለ ናይ ሰኩዩሪቲ ይሕለፍ ነበሮም።

2ይ፡ <u>ታይም ቦምብታት</u>።

3ይ፡ <u>ክፍሊ ሃንደሳ</u> ናይ ህዝባዊ ግንባር ማለት ኣቀነባበርቲ ናቶም ታይም ቦምብታት ነበሩ።

<u>ኣፈታትሓ ግድል-2፡ ጉዳይ 18 ፓርትረይታት</u>

ቀዳማይ "ስርሒት ኮማንዶ" ኣብ መይ 20፡ 1984፡ ድሕሪ ምፍጻሙ፡ "ስጋ ሳርያም! ሓወይ ጌረሱስ! 33 ነፈርቲ፡ ኣብቲ ኣርያፖርቶ ኣበልወን ድምስስ" ዝብል

ድንቂ ድራማ ብኮመዲያን ሃብተ ጌረሱስ ሻውል (ወዲ ሻውል) ናብ ተጋደልትን ህዝብን ቀሪቡ ነበረ። ቀጺሉ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ መድረኽ ሓልዩ፡ 18 ሕብሪ ኣልቦ ፓርትረይታት (Black and white portraits) ናብ ህዝቢ ዘርጊሑ ነበረ።

ኣብዚ ኣፈታትሓ ግድል-2፡ እቶም 18 ፓርትረይታት፡ ሓደ ብሓደ ብሓባር ስካን ክንግበሮም ኢና፡ ከመይ'ሲ ፎቶታት ዝበርትዑ ናውትታት ኢንተል ብምዃኖም።

ፓርትረይታት፡ ኣብ ተክስቸር፡ ኣብ ድምቀት ወይ ህሰት፡ ኣብ ጉልሒ ወይ ፍዘት፡ ኣብ ኣንግል ናይ ኣሰኣእላ ዝኣመሰሉ መምዘኒታት ምስንዕዘቦም፡ እቶም 18 ፓርትረይታት ካብትን ካብዝን ዝተኣኻኸቡ፡ ገሊኦም ፍጹም ዝኣረጉ ገሊኦም ግን ሕድሽ ዝበሉ፡ ናይ ዝተፈላልዩ መዋእላት ዝኾኑ፡ ገሊኦም ሲቪል ክዳውንቲ ዝለበሱ ሰባት፡ ገሊኦም ወልደ-ሕዙናት ገለን ፍሱሃት . . . ወዘተ ኮይኖም ንረኽቦም። ኣብነታት፡-

- ቁ. 5፡ ናይ ክፍሊ ታዕሊም ፎቶግራፍ ምስ ቴንዳ ኣብ ድሕሪ ባይታ ንዕዘብ።

- ቁ. 5, 14፡ ኣጸቢቖም ዝኣረጉ ፎቶግራፋት ንዕዘብ።

- ቁ. 1, 9, 17, 18፡ ፍሱሃት ገጻት ንዕዘብ።

- ቁ. 2, 4, 7፡ ከቢድ ፍርሒ ኣብ ገጻት ንዕዘብ።

- ቁ. 14, 15, 16፡ ስፖርቲቮ ኣልባሳት ደቀ'ስመሪኖ ንዕዘብ።


1


2


3


4


5


6


7


8


9


10


11


12


13


14


15


16


17


18

**ገበናዊ ማተሪያል ቁጽሪ-1**

**ኢሳያስ ኣብ ስርሒት ኮማንዶ ናይ መይ 20፡ 1984 ውዒሎም ኢሉ፡ ብዕሊ ዝዘርግሖም 18 ፖርትረይታት።**

- ቁ. 7, 8, 9፡ ሃይ ሪዞሉሽን ጉሉሕ ፎቶታት ንዕዘብ።

- ቁ. 2, 5፡ ከቢድ ፍዘት (Out of focus) ዝወረሶም ብላሽ ፎቶታት ንዕዘብ።

ኮታስ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተዓዘብናዮ፡ እዞም ፖርትረይታት ካብ መሰረቶም፡ ብኢሳያስ ኣፈወርቂ ተመሪጾም፡ ፈይክ ገጻት ናይ ኮማንዶ ኣብ ኣእምሮታት ናይ ተጋደልትን ህዝብን ንምስራጽ፡ ተባሂሎም ዝቐረቡ ፈይክ ፎቶታት ይመስሉ። ብኡ መጠን፡ ስርሒት ቅያ 18 ደቓይቕ ፈይክ ም'ኳኑ፡ ስነ ሞንት ኣፈታትሓ ግድል-2 የነጽረልና።

ኣብ ፖርትረይታት ንርእዮም ዘሎና 18ኦም ተጋደልቲ ይኹኑ ሲቪል፡ ምናልባት ቅድሚ መይ 20፡ 1984፡ ብሂወት ዘይነበሩ ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። ብቐደሙ ኣብ ሂወት ስለዘይነበሩ፡ ምስጢር ኮማንዶ ጉዱ ከይፍለጥ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ነዞም ባዶሽ ፖርትረይታት ናብ ህዝቢ ኣቕሪብዎም፡ ዝብል ጠርጠራ ኣሎ።

## ኣገዳሲ ሲርኩላር ንኤርትራውያን

ኣብ ፖርትረይታት ንርእዮም ዘሎና ኤርትራውያን፡ ብኢሳያስ ኣፈወርቂ ትራጀዲታት ዝወረዶም ተጋደልቲ ወይ ሲቪል ወይም ስዋኣት ተጋደልቲ ክኾኑ ስለዝኽእሉ፡ ነብሲ ወከፍና ገጾም ከነለልዮምን መንነቶም ንህዝቢ ኤርትራ ክንሕብረሎምን፡ ናይ ኩልና ሓላፍነት'ዩ።



**ገበናዊ ማተሪያል ቁጽሪ-2**
**ኢሳያስ ኣፈወርቂ (ጸጋማይ)፡ ኣብ ስርሒት ኮማንዶ ናይ መይ 20፡ 1984፡ ኣብ ኣየርፖርት ኣስመራ ስዉእ ዝገበሮ ኮድ መጸውዒኡ "እምባየ"፡ ስሙ "መብራህቱ ገብረሂወት" ኢሉ ዝገለጾ፡ ፓርትረይት ናይቲ ተጋዳላይ እዚ ቀሪቡ ዘሎ ኢዩ (የማናይ)።**

## ጉዳይ "እምባየ"

**ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ስርሒት ኮማንዶ ናይ መይ 20፡ 1984፡ ኣብ ኣየርፖርት ኣስመራ ስዉእ ዝገበሮ፡ ኮድ መጸውዒኡ "እምባየ" ስሙ ድማኒ "መብራህቱ ገብረሂወት" ዝሰመዮ፡ ገበናዊ ትራጀዲ ዝወረዶ ተጋዳላይ ናይ ህዝባዊ ግንባር ክኸውን ይኽእል'ዩ።**

**እምባየ፡ ኣብዚ ፓርትረይት፡ ኣብ ክፍሊ ታዕሊም፡ ንእርኒክ ዝኸውን ፎቶግራፍ፡ ንመንስኢ ፎቶ ዝወሃብ ግዜያዊ ካምቻ ለቢሱ፡ ኣብ ቅድሚ ድሕረ ባይታ ደው'ሉ ፎቶ ከምተላዕለ ንዕዘብ።**

ፎቶግራፍ እምባየ፡ ብኸቢድ ደረጃ ፍዘት (Out of focus) ዘጥቅየን ገጽ እምባየ ብንጹር ከምዘይርአን፡ ክንዕዘብ ንኽእል። ብተወሳኺ ገጽ እምባየ፡ ዓቢ ሓዘን ከምዝወረሶ ንዕዘብ።

ኮታስ ኩነታት ፎቶግራፍ እምባየ፡ ንሱ ከሎጌና ብኢሳያስ ኣፈወርቂ ገንሸል ንምስጢራዊ ገበን ስርሒት ቅያ 18 ደቓይቕ ክኸውን ከምዝተሓጽየ፡ ግምት ክንወስድ ንኽእል።

<u>ኣፈታትሓ ግድል-3</u>

<u>ቃጸሎ ቤን ሆዋ ኤየር በይዝ፡ መይ 16፡ 1965</u>

ኣብ መይ 16፡ 1965፡ ኣብ ቤን ሆዋ ኤየር በይዝ (Bien Hoa Air Base) ቬትናም፡ ሓርበኛታት ተጋደልቲ ቬት ኮንግ ብስልኳ ናብ ቤን ሆዋ ኤየር በይዝ ብምእታው ቅጽበታዊ ናይ ሞርታራት መጥቃዕቲ ብምፍጻም፡ ኣብ ልዕሊ ቤን ሆዋ ኤየር በይዝ ቅያዊ ስርሒት ፈጺሞም ነበሩ።

እቲ ቅጽበታዊ መጥቃዕቲ፡ ሰንሰለታዊ ምፍጃራት ናይ ቦምብታት ኣኸቲሉ፡ ከቢድ ጉድኣት ኣብ ልዕሊ ወተሃደራት ኣሜሪካን ቬትናምን ንብረትን ኣውረደ።






<u>ገበናዊ ማተሪያል ቁጽሪ-4</u>፡ ቅያዊ ስርሒት ሓርበኛታት ቬት ኮንግ ኣብ ልዕሊ ቤን ሆዋ ኤየር በይዝ፡ ቬትናም፡ 1965 (ላዕለዋይ)፡ ፈይክ ቅያዊ ስርሒት ኮማንዶ፡ ኣስመራ፡ 1984፡ ተሓለቕቲ ኢሳያስ ዘቕርብዎ ስኑዕ ፍቶ (ታሕተዋይ)።

**መንግስቲ ኣሜሪካ፡ ነቲ ቃጻሎ ናይ ቤን ሆዋ ኤየር በይዝ ከም ናይ ጸላኢ መጥቃዕቲ ዘይኮነስ ከም ሳዕቤን ናይ ብድንገት ዝተፈጀረ ቦምብ (Bomb accident) ጌሩ ዕላዊ መደምደምታ ገበረሉ።**

## <u>THE BIEN HOA DISASTER, MAY 16, 1965</u>

- About 50 American and Vietnamese airmen and crew died in the disaster and 60 or more were injured.
- 24 B-57s bombers were destroyed.
- 24 A-1s fighter planes were destroyed.
- Several A-1s were damaged.

## <u>WHAT MAY HAVE HAPPENED IN THE ATTACKS</u>?

**Western classified documents reveal this data about the attacks in the air bases at Asmara Airport.**

**<u>1st EPLF Commando Operation</u> at Asmara Airport on May 20, 1984:**

- 10 military aircraft were destroyed,
- 8 military aircraft were damaged.

**EPLF claimed, "Commando destroyed 33 military and civilian aircraft."**

**<u>2nd EPLF Commando Operation</u> at Asmara Airport on January 14, 1986:**

- 1 MiG-21 fighter was destroyed,
- 5 military aircraft were damaged.

**EPLF claimed, "Commando destroyed 44 aircraft."**

---

**EPLF COMMANDO OPERATION, MAY 20, 1984, 33 PLANES DESRTOYED.**
**SRHIT QIYA 18 MINUTES.**
**EPLF COMMANDO OPERATION, JANUARY 14, 1986, 44 PLANES DESTROYED.**
**THE BIEN HOA DISASTER, MAY 16, 1965.**

**Please submit inputs, comments or questions.**

Investigator Haile Menegesha Okbe
Toronto, Canada

COM LINKS
Cellphone: 416-858 9305
Email: haileokbe@yahoo.com
FB: Haile Menegesha Okbe
WhatsApp: Haile Menegesha Okbe